# ኩለን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት ክሊ ቀኑጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን ኣብ ምዓላ መገሻ ንዝውዕል ወረቐት ምስክር ኮሮና ይቕበልኦ

**ካብ ሎሚ ምዓልቲ ዕለት 1 ሓምለ ንኔው ብዛዕባ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዝምልከት ቅየዳታት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ግብሪ ይውዕል ብምህላው ብሙልኣን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት ክሊ ቀኑጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን ንወረቐት ምስክር ኮሮና ማለት፡ ሕማም ኮሮና ከም ዘሕለፈካን፡ ከም ዝተኸተብካን ወይ ድማ ኣብ ምጋሽካ ኣሉታዊ መርመራ ኮሮና ከም ዘርኣኻን ከም መመስከሪ ክቕበልኦ ክግደዳ ኢየን። እቲ ወረቐት ምስክር ኮሮና ግድን ምስ ስርዓተ-ፍታሕ ሕብረት ኤውሮጳ ዝተኣሳሰረ ክኸውን ኣለዎ።**

ዘይተርፍ ክሳብ ዝኾነ ንሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ/ሃገራት ክሊ ቀኑጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን ንዓባይ ብሪጣንያን ከይትገሹ ዝብል ዝነበረ ምኽሪ ምኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃገረ ኖርወይ ካብ ዕለት 5 ሓምለ ንኔው ይልዓል።

ምሉእ ብምሉእ ዝተኸተቡ ሰባት (lenke faktaboks/መራኸቢ ጭብጥታት ሳጹን) ወይ ከኣ ኣብ ዝሓለፉ ሽድሽተ ኣዋርሕ ኮሮና ሓሚሞም ዝነበሩ፡ ወኸኣ ምስ ፍታሕ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝተኣሳሰረን ብክረጋገጽ ዝኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮናን ምስ ዝስንዱ/ከረጋግጹ ምስ ዝኽእሉ፡ ካበየ ሃገር ተበገስ ብዘየገድስ ንኖርወይ ናጻ ኲይንካ ክእቶ ይከኣል ኢዩ።

ኣብ ትኣትወሉ ካብ ውሽባ ትገላገል፡ ቅድሚ ንኖርወይ ምእታውካ ክትምርመር ኣየድልየካንን ኣብ ዶብ እውን ምምርማር ኣየድልየካንን ኢዩ፡ ከም ገያሻይ እውን ንክትምዝገብ ዝብል ቅድመ-ኩነት ከተማልእ ኣየድልየካን ኢዩ።

ሓንቲ መርፍእ ክታበት ጥራሕ ዝተኸተቡን ካብ ቀያሕትን ድሙቓት ቀያሕትን ዝኾና ሃገራት ንዝመጽኡን ክውሽቡ ይግደዱ።

- ኩሎም ገያሾ ቅድሚ ምጋሾም፡ ናብ ዝገሽዎ ቦታታትን ሃገራትን ዝምልከቶም ሕግታትን ቅጥዕታትን ንክማልኡ ንክጽንዕዎ ንምሕጻን። ሕግታት ናይተን ዝተፈላለያ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ/ሃገራት ክሊ ቀኑጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን ዝምልከት ንምፍላጥ ኣብዚ ተመልከት፡ [reopen.europa.eu](reopen.europa.eu).

- [Se ditt koronasertifikat på helsenorge.no./ወረቐት ምስክር ኮሮናኻ ኣብ helsenorge.no](https://helsenorge.no)

- [Gode råd for deg som skal reise til utlandet i sommer/ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ንወጻኢ-ሃገራት ኣብ እትገሽሉ ክጠቕሙኻ ዝኽእሉ ኣገደስቲ ምኽርታት.]()

**ምሉእ ብምሉእ ክቱባን ዝብሃሉ እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ:**

- ክልተ መራፍእ ክታበት ዝተኸተበን እንተወሓደ ካብ ዝኽተብ ሓደ ሰሙን ዘሕለፈን
- ሓደ መርፍእ ክታበት ያንሰን ዝተኸተበ (jansen/ያንሰን)፡ ሰለስተ ቕነ ድሕሪ ምኽታቡ ከም ምሉእ ክቱብ ይቝጸር
- ኮቪድ-19 ሓሚሙ ዝነበረን ሓደ መርፍእ ክታበት ድሕሪ ምኽታቡ እንተወሓደ ሓደ ሰሙን ምስ ዝሓልፍ። ተመርሚርካ ኮሮና ኣለካ ምስ ተባህልካ ቅድሚ ሰለስተ ቕነ ክትክተብ ኣይትኽእልን ኢኻ።
- ተመርሚርካ ኮሮና ኣለካ ምስ ተባህልካ ግለላኻ ምስ ወዳእካን እንተወሓደ ሰለስተ ቕነ ምስ ዝሓልፍን ሓደ መርፍእ ክታበት ምስ እትኽተብን ከም ምሉእ ብምሉእ ዝተኸተብካ ትቝጸር።